## ካብ ውሽጢ ዝመጸና ሃገራዊ ዜና

ብዕለት 09/01/2012 ኤደን ጃኮሚና ኣዳስ ዝተባህለት ኣዶ ብሄር ኩናማ ብሰንኪ ዘይተገዳስነትን ጉድለት ሕክምናዊ ሬድኤት ኣብ ግዜ ሕርሲ ብዘጋጠማ ምፍሳስ ደም ኣብ ሆስፒታል ባረንቱ ከም ዝዓረፈት ካብቲ ቦታ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ። ካብዚ ሕሱም መንግስቲ ብዝተዋሃባ ንኣባላት ብሄር ኩናማ ናይ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዘይምሃብ መምርሒ መሰረት ካብ ብሄር ናራ ዝኾነት ሽማ ዘይተፈልጠት መሕረሲት ሓኪም ነዛ ኣደ ኮነ ኢላ ብመደብ ኣብ ጻዕሪ እንከላ ሓዲጋታ ከምዝኸደትን ውላዳ ካብ ዓራት ወዲቑ ዕትብቲ ስለዝተበጠሰ ብምፍሳስ ደም ህይወታ ክሓልፍ ከም ዝኸኣለ እቲ ዜና ወሲኹ ሓቢሩ። ንኤደን ጃኮሚና ብስም ውድብ ዲምሓኩኤ መንግስተ ሰማያት የዋርሳ፡ ንስድራ ቤታን ደቂ ዓዳን ድማ ጽንዓት ይሃብኩም ይብል። ብፍላጥን ዘይምፍላጥ ነቶም መደብ ናይዚ ስርዓት ዝፍጽሙ ዘለው ሰባት፡ ስርዓት ህግደፍ ኣብ መንጎ ብሄራት ኤርትራ ሓዊ ንምእንድ ዘካይዶ ዘሎ መደብ ምዃኑ ፈሊጦም ካብዚ ተግባራት እዚ ኢዶም ንክእርንቡን ኣብ ጎኒ ውጹዕ ህዝቦም ንክስለፉ ውድብ ዲምሓኩኤ ደጊሙ ጸዋዒቱ የሕልፍ። ብሄረ ኩናማ ኤርትራ ስርዓት ህግደፍ ዘይናቱ ስለዝኾነ ኣብ መዳይ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ብዙሕ ጸገም ከም ዘጓንፎምን ንሞት መንእሰያት፣ ኣዴታትን ምኽንያት ከም ዝኾነ ብተደጋጋሚ ክንሕብር ምጽናሕና ዝዝከር እዩ።

ብካልእ ዜና ብዕለት 18/01/2012 ህዝቢ ኣሳፊራ ትኸይድ ዝነበረት መኪና ኣብ ካምቡርታ ዝተባህለ ቦታ ተገምጢላ 17 ሰባት ክሞቱ እንከሎው፡ ብዙሓት ድማ ከም ዝቆሰሉ ተፈሊጡ። እዛ መኪና ንዕዳጋ ቱካ ዝኸዱ ህዝቢ ኣሳፊራ ከም ዝነበረት እውን ክፍለጥ ተኽኢሉ ኣሎ። ኣስማትን መንነት ናይዞም ግዳያት ምስ ተረጋገጸ ከነቕርቦ ምኻንና እንዳሓበርና ውድብ ዲምሓኩኤ ነቶም ግዳያት መንግስተ ሰማያት የዋርሶም ንስድራቤትን ኣዝማድን ጽንዓት ይሃብኩም ይብል።

ስርዓት ህግደፍ ንቁሸታት ብሄረ ኩናማ ኤርትራ ናብ መሸቀጢ ዕዳጋታት ቀይሩ ብሄረ ኩናማ ናይ ምጽናት መደባቱ ይቅጽለሉ ከም ዘሎ ተረጋጊጹ። በዚ መሰረት ቁሸት ኣይኮታ ናብ ጎዳጉዲ ወርቂ ተቐይሩ መንግስቲ ምስ ህዝቢ ኣብ ወጥሪ ከምዘሎ ገሊጽና ምንባርና ዝዝከር ኮይኑ፡ መንግስቲ ብህዝቢ ንዝቀረበ ጥርዓን ንምፍታሕ ድሌት ስለዘይብሉ ነቲ ዝቀረበ ክሲ ከምዘየቕለበሉን ካብ ኮሶልዳ ጀሚሩ ክሳብ ቁሸት ኣይኮታ ዘሎ ቁሸታት ናብ ጎዳጉዲ ስለዝቀየሩዎ ህዝቢ ነታ ዕትብቱ ዝቀበረላን ዝፈትዋ ቁሸቱ ገዲፋ ንክግዕዝ ተቐሲቡ ይርከብ።

ፍራንኮ ኮባባን ሉጂ ሑሴን ዝተበሃሉ ደቂ ኩናማ እቲ ዘለዎም ስልጣን ከድምዑሉ ተዝኽእሉ ነዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ዝግበር ዘሎ ግፍዒ ደው ክብሉ ምፈተኑ፡ ኮይኑ ግን ንክብዶም ዝነብሩ ዘይረብሖ ሃሱሳት ብምኻኖም ብሄሮም ካብ መበቆል ዓዱ ኣፈናቒሉ ኣደዳ ስደት ምስ ዝገብር ዘሎ መንግስትን ሰራዊቱን ተጣቢቖም ምስ መንግስትናን ሰራዊትናን ዕርቂ ንግበር እንዳበሉ ንህዝቢ ይጉስግሱ ከም ዘሎው እቲ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ። ህዝቢ ብሄረ ኩናማ ካብ መሬትናን ዓደቦናን ኣፈናቒሉ ዘርእና ንምጽናት ምስ ዝህንደድ ዘሎ ሰራዊት ንዑ ተዓረቑ ዝብሉና ዘለው ንምንታይ ዕላማ ምኻኑ ኣጸቢቕና ስለንፈልጦም ኣብቲ ዝተኣልመ ተንኮል ከይንዕሾ ክንጥንቀቕ ይግባእ። ዑሱባት ፍራንኮን ሉጂን “ንተዓረቅ” ዝብል መደብ መንግስቲ ተሓንጊጦም ኣብ ኩለን ቁሸታት ብሄረ ኩናማ እንዳ ዞሩ ንህዝቢ የፈራርሑን ይህድዱ ኣለው። ምስ ሰራዊት ተዓረቕና ንዲምሓኩኤ ነጥፋኣዮ ብዝብል ጭርሖ ብዕለት 10/01/2012 ኣብ ኩሉኩ ካብ ዝተፈላለዩ ቁሸታት ብመኪና ኢዕኖም ፌስታ ንምግባር መደብ እንተኣውጽኡ እውን ኣብዚ ናይ ጥፍኣት መኣዲ እዚ መንእሰያትን ዓበይቲ ከም ዘይተረኽቡ እቲ ዝመጸና ዜና ኣረጋጊጹ።

ብተመሳሳሊ ዜና ነዚ ዓፋኒ መደብ እዚ ንምትግባር ካብ ቁሸት ደከማረ ሓሙሽተ ደቂ ኣንስትዮን ኣርባዕተ ደቂ ተባዕትዮን ጥራሕ ኣብ ዝተረኽቡሉ ንዝገበሩዎ ናይ ዕርቂ ሓሳብ ኣኼባ ህዝቢ ብትሪ

ብምቅዋም ንእከይ ተግባራት ሰራዊት ህግደፍ ብትሪ ኮኒኖም። ህዝቢ ኩናማ ምስ ሰራዊት ህግደፍ ክዕረቅ ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ጌጋ ምኻኑን ህዝቢ ዝገበሮ ከምዘየለን እኳ ደኣ በዚ ሰራዊት ዝተገፍዔ ብምኳኑ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈጸመ በደል ይቕረታ ክሓተሉ ከምዝግባእ ኣስሚሮሙሉ ክብል እቲ ዜና ሓቢሩ። ኣብቲ ኣኼባ ህዝቢ ብቐዳምነት ስለምንታይ ካብ ገማግም ሩባ ጋሽ ተሰጉግና? ብትእዛዝ መን? መንግስቲ ኣብ ህዝቢ ጽቡቅ ኣመለኻኽታ እንድሕሪ ሃሊዩዎ፡ ቅድም ቀዳድም ምስ ሰራዊት ዕርቂ ምፍጣር ዘይኮነ፡ ኣብ ቅድሜና ከምቲ ዘጋፍዑና ፍርዶም ክወሃቦምን ብዓይንና ክንርኢ ንደሊ ብምባል ከምዘዋጠሩዎም ተፈሊጡ። ከምቲ ኣብ ሻምቦኮ ንክልተ የሕዋት ሙሳን ዲርጋን ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዝረሸኑዎም እቶም ገበነኛታትውን ኣብ ቅድሜና ክርሸኑ ይገበር ከምዝበሉን ብተወሳኺ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ከም ቃሕታኦም ዘሚቶምን ሓሪዶም ዝበልዑወን ጥሪትና ዕድኤን ይከፈል ብምባል ከምዝሓተቱ ተሓቢሩ። ኣብ ኣይኮታን ካርካሸን ዱኳናት ሰይሮም ዘሚቶምና ክንሶም ተገልቢጦም በዓላትኩም እኹም ተሰራርቅኩም ኢሎም ነነሕድሕድና ክናቁቱና ፈቲኖም፡ ሕጂ ድማ ተገልቢጥኩም ብሃሱሳትኩም ኣቢልኩም ዲምሓኩኤ እዩ ከምዚ ገይሩ ትብሉና ኣለኹም ስለዚ ዝተዘምተ ንብረትና ይመለስ ኢሎም ከም ዝሓተቱ እቲ ዜና ወሲኹ ሓቢሩ።

ስርዓት ህግደፍ ብዕለት 07/01/2012 ኣብ ከባቢ ኤርኩላሚ (ጋሽ ባርካ) ሰፊሕ ግፋ ከም ዘካየደ ተፈሊጡ። ኣብዚ ግፋ ካብ ከባቢ ንኡስ ዞባ ሻምበቆ ሰለስተ መኪና፣ ካብ ካባቢ ኣላላ ክልተ መኪና ገፊፉ ንባረንቱ ከም ዝወሰዶም እቲ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ። ብፍላይ ኣብ ቶለ ጋሙጃ፣ ካርካሻ፣ ኣይኮታ፣ ኮይታቢያ ጽዕጹዕ ግፋ ከም ዘካየደ ነበርቲ እቲ ከባቢ ገሊጾም። ቀንዲ ምኽንያት ናይዚ ግፋ ስቡሕ መሬት ኣሊቢቢ፣ ኮሎቲ፣ ኣጋቲት ጀሚርካ ክሳብ ሞርኪና-ሳንጋ፣ ካሻርብ፣ ኣጋርሚንተ ኡጋ ዘሎ ንምግባት ከም ዝኾነ እቲ ዜና ወሲኹ ሓቢሩ። እቲ ዜና ወሲኹ ከም ዝሓበሮ ንመንእሰያት ብሄረ ኩናማ ሃገሮም ገዲፎም ንክስደዱን ብምግባርን፡ ንህዝቢ ከባቢ ሻምበቆ ቦሻካ ስቡሕ መሬቶም መንጢሉ ንኣሳሰይቱን ሰዓብቱን ዓዲሉ ንደቀባት ንቤት ማእሰርቲ ዓድኺላ ድሕሪ ምድጓኑ ዝወስዶ ዘሎ ስጉምቲ ከም ዝኾነ ኣብሪሁ።